መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# መሪሕነት እያሱ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሙሴ ድማ ሞተ። ኢያሱ ድማ እምላኽ ንደቂ እስራኤል ክመርሕ ከምዝመርጾ ፈለጠ፡፡ ኢያሱ ቅድሚ ሰራዊት ምድላዉ፡ ንርእሱ ክዳሎ ነይርዎ። ኣምላኽ ድማ ክሳዕ ንኣምላኽ ዝተኣዘዝዎ ዓወትን ብልጽግናን ከምዝህቦም ንኢያሱ ቃል ኣተውሉ።





ደቂ እስራኤል ድማ ንኣምልኽ ክእዘዙን ንእያሱ ድማ ክሰምዑ ቃል ኣተዉ። እያሱ ድማ ብጥበብ ንከንኣን ዝስልዩ፡ ነቲ መእተዊኣን ብዝሒ ሰራዊቶም፡ ኮታስ ኩሉ ክጽንዑ ናብ ከተማ ያሪኮ ልኣኸ። ናይ እስራኤላውያን ቀዳማይ ውግእ ኣብኡ እዩ ክኸውን።



ሓደ ሰብ ግን ንንጉስ ናይ ያሪኮ ሰለይቲ ናብ ከተማ ያሪኮ ከምዝኣተዉ ነገሮ። ንሱ ድማ ንወትሃደራቱ ክደልይዎም ልኣኾም። እቲ ምድላይ ድማ በቲ እቶም ሰለይቲ ዝነበርዎ፡ ብናይ ርሃብ ገዛ ጀመሩ፡፡ እቶም ወትሃደራት ኣብኡ ምስ በጽሑ ድማ ርሃብ ኣብ እንጣጢዕ ዝነበሮ ቦታ ሓብኣቶም።

እቶም ወትሃደራት ካብቲ
ገዛ ምስሓለፉ ድማ ርሃብ
ገመድ ገይራ ብመስኮት
ናብ ደገ እታ ከተማ
ኣውጺኣቶም። ስለምንታይ
ግን ርሃብ ነቶም ሰለይቲ
ኣዕቀባቶም? ምኽንያቱ
ንሳ ኣምላኽ ምሳቶም
ከምዘሎ ፈሊጣ ነበረት።
ንሳ ኣምላኽ ንሕይወታ
ካብ ሞት ከትርፋ ትደሊ
ነበረት። እቶም ሰለይቲ
ድማ ንዓኣን ንስድራን
ካብቲ ዝመጽእ ሞት
ከድሕንዋ ቃል ኣተዉላ።



ቅድሚ ናብ ያሪኮ ምብጽሖም ደቂ እስራኤል ብሩባ ዮርዳኖስ ክሓልፉ ነይርዎም። ግና ዋላሓንቲ ምሳገሪ ዝኮኖም ድልድል ኣይነበረን! ከመይ ገይሩ ግን እዚ ኩሉ ህዝቢ ክሳገር እዩ?



ኣምላኽ ድማ ንእያሱ እቶም ካህናት ነቶም ወተሃደራትን ነቲ ህዝብን፡ ነቲ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝሓዘ ታቦት ተሰኪሞም ነቲ ጉዕዞ ክመርሑ ነገሮም። ልክዕ እቶም ካህናት እቲ ዝተህሎም ሒዞም ነቲ ናይቲ ሩባ ጫፍ ምስረገጹ፡ ኣምላኽ ተኣምራት ገበረ። ኣምላኽ ኣብቲ ማይ ንቁጽ መንገዲ ገበረ!።



ድሕሪ ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ
ብሰላም ምሕላፉ፡ ዓሰርተ
ክልተ ኣእማን ኣብ ውሽጢ
እቲ ሩባ ዓሰርተ ክልተ ድማ
ኣብ ጫፉ ኣቀመጡ። እዚ
ድማ ንመዝከርታን መመሃሪ
ዓበይቲ ትኣምራትን ፍቅሪ
ኣምላኽን፡ ንደቆም እዩ።





ያሪኮ ድማ ዓበይትን
ድልዱላት መናድቅ ነበራ።
ኣምላኽ ድማ ሓደ ሓለቃ
ሰራዊት ካብ ሰማይ፡ ንእያሱ
ኣምላኽ ንህዝቡ ከም
ዝዋግኣሎምን ዓወት
ከምዝህቦምን ከዝክሮ
ልኣኾ፡ እያሱ ግና ካብ
ጻላቶም መሰሎ።



ኣምላኽ ድማ ንኢያሱ ከትመይ ገይሩ ከምዝስዕር ፍሉይ መደብ ነገሮ። እቶም ህዝቢ ኣምላኽ ሓንቲ ግዜ ኣብ መዓልቲ ንሽዱሽተ መዓልቲ፡ ሸውዓተ ድማ ኣብታ ሸውዓተ ምዓልቲ ነታ ከትማ ክዞራ ነበረ። ብድሕሪዚ ድማ መለኸት ክነፍሑን ክጭድሩን ነበረ። በዚ ድማ እቲ መናድቅ ምሉእ ብምሉእ ክወድቕ ማለት እዩ።

እያሱን ኩሎም ሰራዊቱን ድማ ልክዕ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎም ገበሩ። ምናልባሽ እቶም ኣብ ያሪኮ ዝቅመጡ ይስሕቅዎም ነይሮም ይኾኑ። ኣብታ ሻብዐይቲ ምዓልቲ ሻብዐይቲ ዙረት ድማ እቶም ካህናት መለኸት ምስ ነፍሑ፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ ኮነ ... እቲ ዓበይቲ መናድቅ ናይ ያሪኮ ፈረሰ ! ! !









እታ ርሃብ ዝነበረታ ቤት ጥራይ ካብቲ
ምፍራስ ድሓነት። ንሳ ከምቲ ዝተብሃለቶ፡ ነቲ
እቶም ሰለይቲ ዘውረድትሉ ገመድ ኣብቲ ዝነበሮ
ኣንጠልጢላቶ ነበረት። ካብቶም ናይ እያሱ
ሰባት ድማ ቀልጢፎም ንርሃብን ንስድራኣን
ኣድሓኑ። ከትማ ያሪኮ ድማ ከምቲ
ኣምላኽ ዝበላ ጠቕላላ ፈርሳ ነበረት።



እያሱ ድማ ተጠንቂቑ ነቲ ኣዋርቅ፡
ብሩራትን ናብ በት እግዛብሔር ወሰዶ። ነታከተማ
ንከይትስራሕ ድማ ነታ ከተማ ዝሰርሓ ርጉም ይኹን
በለ። ኵሉ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ከንኣን ዝነበረ ድማ
ብዝዕባ እቲ ኣያሱ ንያሪኮ ዝገበሮ ሰምዑ። በዚ ድማ
ኣምልኹ ምስ ህዝቡ ከምዘሎ ፈለጡ።

# መሪሕነት እያሱ

## ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

## እያሱ 1-6

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16